ንቤት ፅሕፈት ቤት መዘጋጃ ከተማ እንትጮ ንቤት ፅሕፈት ቤት መዘጋጃ እታ ከተማ አገልግሎት ዝዉዕል መሳርሒ ፅሕፈት : ኣቅሑት ኤሌክትሪክ : ሞተር ሳይክልን ብግልፂ ጨረታ አወዳዲሩ ክዕድግ ይደሊ

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ዓርቢ ጥሪ 23, 2017 (ቅድሚ ሓደ ዓመት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ጥሪ 29, 2017 8:30 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ጥሪ 30, 2017 9:00 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ኤሌክትሮኒክስ መሳርሕታትን መለዋወጢን/ ናይ ፅሕፈት መሳሪሕታተት/ ዕድጊት ሞተርሳይክል/

ንካልኣይ ግዜ ዝወፀ

ንቤት ፅሕፈት ቤት መዘጋጃ ከተማ እንትጮ ንቤት ፅሕፈት ቤት መዘጋጃ እታ ከተማ አገልግሎት ዝዉዕል መሳርሒ ፅሕፈት : ኣቅሑት ኤሌክትሪክ : ሞተር ሳይክልን ብግልፂ ጨረታ አወዳዲሩ ክዕድግ ይደሊ

1 በቲ ዘፈር ናይ ዘመኑ ዝተሐደሰ ዋና ቅዳሕን መረዳእታ ከቅርብ ዝክእል

2 መረዳእታ መለለይ ቁፅሪ ከፋላይነት ግብሪ ዋና ቅዳሕን ከቅርብ ዝክእል

3 ተመዝጋቢ ተወሳኪ እሴት ታክስ ዝኮነ መረዳእታ ከቅርብ ዝክእል ከምእዉን ናይ ወርሒ ሕዳር 2017 ዓም ተወሳኪ እሴት ታክስ ሒሳብ ዝገበርሉ መረዳእታ ዋና ቅዳሕን ከቅርብ ዝክእል

4 ናይ 2017 ዓም ዝተሐደሰ መቅረባይነት ዋና ቅዳሕን ከቅርብ ዝክእል

5 ጨረታ ሳዓራይ ዝኮነ ተወዳዳራይ ናይ ዝሰዓሮ ንብረት ዉዕሊ ካብ ዝአሰረሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ዉሽጢ 5 ናይ ስራሕ መዓልቲ ብናይ ባዕሉ መጎዓዝያ ናብ መክዝን ቤት ፅሕፈት ቤት መዘጋጃ ከተማ እንትጮ ብዝተሐተተ ፅሬትን መጠንን ከቅርብ ዝክእል

6 ናይ መወዳደሪ ሰነድ ብንፁር ዝንበብን ስርዝ ድልዝ ዘይብሉን ናይቲ ትካል ሽምን ኣድራሻን ናይ ባዕሎም ወይ ወኪሎም ፊርማን ኣብ ነብስ ወከፍ ገፅ ማህተም ዝዓርፎ ኮይኑ ብፖስታ ተዓሺጉ ክቀርበ ይግብእ እዚ ኣማሊኡ ከቅርብ ዘይክኣከለ ነጋዳይ ካብ ጨረታ ወፃኢ ይከዉን

7 ተጫረቲ ዝተዳለወ ዝርዝር መምርሒ ሰነድ ጨረታን ካብ ቤት ፅሕፈት ቤት መዘጋጃ ከተማ እንትጮ ካብ 15/5/2017 ዓም ክሳብ 29/5/2017 ዓም ኣብ ዘሎ ግዝ ኣብ ስራሕ ሰዓት ብኣካል ብምቕራብ ሰነድ ጨረታ ብምዉሳድ ክወዳደር ይክእል

8 ተጫረቲ ናይ ጨረታ መከብሪ ዉሕስና ጨረታ ንመሳርሒ ፅሕፈት 20000 ቅርሺ ንኣቅሑት ኤሌክተሪክ 20000 ቅርሺ ንሞተርሳይክላት 10000 ቅርሺ ብሸም ቤት ፅሕፈት ቤት መዘጋጃ ከተማ እንትጮ ዝፍለጥ ቁፅሪ ሒሳብ ባንኪ ንግዲ ኢትዮጰያ 1000103569285 ወይድማ ሒሳብ ቁፅሪ ባንኪ ኣንበሳ 00312075077/75 ናይ ኣታዊ ቅብሊት ወይ ብጥረ ገነዘብ ከትሕዝ ዝክእል ወይድማ ብስፒኦ ናብ ዝተዳለወ ናይቲ ቤት ፅሕፈት ሳንድቅ ጨረታ ጨረታ ቅድሚ ምክፋቱ ከቅርቡ ዝክእሉ

9 ተጫረቲ ወጋ ሰነድ ጨረታ ዘይመለስ 300 ቅርሺ ብምክፋል ክወስዱ ይክእሉ

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

10 እቲ ጨረታ 29/5/2017 ዓም ሰዓት 8:30 ድሕሪ ሰዓት ተዓፅዩ ብተመሳሳሊ ዕለት ሰዓት 9:00 ኣብ ቤት ፅሕፈት ቤት መዘጋጃ ከተማ እንትጮ ተጫረቲ ወይ ሕጋዊ ወከልቶም አብ ዝተረክብሉ ይክፈት

11 እቲ ቤት ፅሕፈት ሰዓራይ ዘቅርቦ ንብረት መጠን ክሳብ 20 ሚእታዊ ክዉስክ ወይ ከቅንስ ይክእል እዩ

12 እቲ ቤት ፅሕፈት ነቲ ግልፂ ጨረታ ዝሐሸ መማረፂ እንተረኪቡ ነቲ ጨረታ ብሙሉእ ወይ ብክፋል ናይ ምስረዝ መሰሉ ዝተሐለወ እዩ

ንተወሳኪ ሐበሬታ 0914113996

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle